
ሕጂ ውን ንህግደፍን መሰልቶምን

ካብ ምብዳህ ዓዲ ኣይውዕልን

ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ

መበል 28 ክፋል

በርህ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን



ውሕጅ ክይመጻ መንገዲ ውሕጅ ንጽረግ

ትም ኣይንበል ሐቒቕ ማይና ክዝረግ

በብመንገድና ኣብ ጀንቫ ንራኽብ

ንፍትሐዊያን ክንብል ኣባህሉና ዓገብ..

መልመጺ ጻሕሊ ባዕሉ ኮሎ

ክሳብ ማዓስ ክቕብኣና ጸለሎ

ንመ ሒዙ ድዩ ዘሳቕየና ዘሎ..

ሚረኤኻ እንባ ገደም

ውላድ ዓጀ እንበር ሕትም

ሐተ ኢረኤና ገድም..

ሐቂ ብሐሶት ክድፈን

ንመን ክንኣምን ንመን

*ዝተለጎመት ኣፍ ኪይተኸፈተት*

*ዝበረቐት ጸሓይ ምስ ዓረበት*

*ብኸምዚ ዶ ክራጋገጽ ሓርነት*

*እቲ ሓደ ናይቲ ሓደ ቲፎዞ*

*ኣንፈቱ ሲሒቱ እቲ ጉዑዞ*

*ካብ ውሑድን ብዙሕን ንዛረብ*

*ቃልና ዩ ክንብል ኑውናይ ንጀኑብ..*

*ኣብ ጀኑብ ጉሒላ ክኸሰስ*

*መመዝገብና ንበል ሃሰስ*

*ህዝቢ ብሓርነት ክደብስ..*

*ድምጽና ከም ረመጽ*

*ከም ስሙም ከብሎም ሃፈጽ*

*ኣብ ጀኑብ እወ ቃልና ክነድምጽ*

*ጉሒላ ምስ ኣዳኸርቱ ክቕረጽ*

*ህዝቢ ክድሕን ካብ ሕርጎጽ ጎጽ..*

*ኑውናይ ንጀኑብ ክነጋልጸ*

*ዲፕሎማሲ ጭፍራ ክዕጸ*

*እሰያስን ጭፍሩኡን ደቂ ኣሉላ*

*ንህዝብና ከዳኽሙ ዘለዎም ማሕላ*

*ኤረትራ ኤረትራዊ ዋጋ ዝተኸፍላ..*

*ደቂ ኤረ ዘጽናዕኩም ሕጊ*

*ኢሰያስ ክሳብ ማዓስ ኪጋጊ*

ንወለዶ ትማሊ ሎሚ

ንጽውዕ ኣሎና ብተደጋጋሚ

ኣብ ዝጸናሕካ ጸኒሕካ ከም ዓሚ

ኤረትራዊ የ ምባል የብሉን ጠቕሚ..

በጸዋውዓ ኣዝማሪና

ሸጣን እንዳ ራእሲ እኩኖ

ወዲ ራእሲ በየነ ተኸዲኑ ባኖ

ክነጋልጾ ያኣክል ሸፍኖ ሸፍኖ

ንህልቀትና ጠንቂ ዝኾነ ንኾንኖ..

ተጸዊዑ ዘይሰምዔ

ኣውያት ህዝቢ ዘየስመዔ

ኣርዮስ ኢሰያስ ምስ ተጸፍዔ

ኣይበል በኻ ጸዊዒትኩም ሰሚዔ..

ኣይትታለሉ ክስገር ዩ ኹሉ

ኤረትራ ንኤረትራውያን በሉ

ህዝቢ  ክኽውን ወሳኒ መሰሉ

እንዳባ ኣይሰማዕና ኣይትበሉ..

ኑውናይ ንጀነቭ

ከይጸንት ኤረትራዊ ወለዶ

ተዓዘብቲ ካብ ንከውን ብማዕዶ

ንህግደፍ ነጋልጾ መጋበእያ ከፈርዶ..

ያኣክል ኮለል ሕጂስ

ተባራበሩ ያኣክል ድቃስ

ናብ ልብኹም ተመለሱ

ሰብ ቀደም ኢድኩም ሐውሱ

ዓድና ዘልቀቑና ክሕመሱ

ጀነብ ኑው ኣንፈትኩም መልሱ..

ካብ ሰብ ዝደሊ ከም ሳእኒ ይበሊ

ህዝቢ እዩ ነሩ ዓንጋሊ ገድሊ ትማሊ

በብእምነትና ንጸሊ

ብነዓይ ስምዑ በሃሊ

ከይበረሰ ኤረትራዊ ባህሊ...

እዚ ጭርሖና

ኢሰያስ ጊሂሱ መሰልና

ግዝኣተ ሕጊ ክሰፍኖ ዓድና

ሰብ ሕቡእ ኣጀንዳ ኣይኮኑን ወከልትና

ያኣክል ካሳብ ሎሚ ዘድመዩና..

ጭርሕና ካብ ፈራ ምሕደራ

ክንወጽእ ሓራ

ኣብ ጀነብ የራኽበና ያኣክል ጃሃራ

ልሳና ሞት ንጃንዳ ህግደፍ ክጭድራ..

ካብ ምቑዛም ኣብ ውሻጠ

መከቶ ነቲ ኩሊትካ ዝሸጠ

ቆዚምካ የሎን ዝተለወጠ..

ኢሰያስ ኣኻኺቡ ኣብ ጀነብ

ቅንጃት ደምሒት ኣል ዘባብ

ሐሙሽተ ሽሕ በዘይ ኣጋባብ

ከምኡ ከዳዓት ኣኪቡ ኣውያት

ካብቲ ካብቲ ዝእከቡ ዶላራት

ደለይቲ ፍትሒ ግን ብዕግበት

ንመሰላና ብንቕሓት ንማጎት..

እወ ኤረትራዊያን ኢና ንሕና

እንቢ ንምልኪ ንብል ዘለና

ብጅግንነትና ንመግዛእቲ ዝሰዓርና

ደምና ኣፍሲስና ነጻ ዝገበርና ሃገርና

ሰማእታትና ብሐርነት ክንድብሶም ኢና..

ዓወት ነት ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝብና

ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ኤረና ሽዊት ለምለም ከኸውን ዓድና

ዕንወት ንጃንዳ ህግደፍ ዝብሉ ይንበረልና